# ዓባይ ትእዛዝ

"እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ ኣየነይቲ እያ?" ኢሉ ሐደ ካብ ጸሐፍቲ ፈረሳውያን ንየሱስ ክርስቶስ ምስ ሓተቶ፡ መለሰሉ፡ በሎ ድማ፡

> "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሙሉእ ልብኻን ብኹሉ ነብስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ፡ እዚኣ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ። እታ እትመስላ ኻልኣይታ ድማ፡ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ፡ እያ።"
> (ማቴ 22፡ 37-40)

የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ዘሎ ሕግን ትንቢትን ኩሉ ድማ ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ኸም ዝጠቃለል፡ ሐበሮ።

## 1. ስለምንታይ . . . . .

ኢና ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ብሙሉእ ልብና ብኹሉ ነብስናን ብኹሉ ሓሳብናን እነፍቅሮ?

ቻርለስ ስፐርጀን (Charles Spurgeon) ዝተባህለ ብ1892 ካብዛ ዓለም ዝሓለፈ፡ ካህን እዩ ነይሩ። ሓደ ጊዜ ብዛዕባ ዘጋጠሞ ታሪኻዊ ጸብጻብ፡ ኣብ ሓደ ናይ ረድዮ ፕሮግራም ተመሐላሊፉ ካብ ዝረኸቦ ኸኣ፡ ሐደ ሰብ ኣብ ጽሑፍ ናይ እንግሊዝኛ ከቕርቦ መደበ። እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ድማ ዕሙቕ ዝበለ ዓቢ ትምህርቲ ዝሓዘለት ኰይና ረኺበያ።

ቅድሚ በዓል ፋሲካ ኣቢሉ ይኸውን ሓደ እዋን፡ እዚ ዝተባህለ ካህን፡ ስፐርጀን፡ ንምእመናኡ ኣብታ መዓልቲ ፋስካ ነቲ ክምህሮም ሓሲቡ ዝምደቦ ትምህርቲ፡ ብዛዕባ እቲ ጎይታ ዝገበሮ ዓቢ ነገር፡ ምእንቲ ኸርድኦምን ክስወጦምን ብኸመይ መገዲ ኸም ዘቕርቦ ሸገሮ። በዚ ተጨኒቑ ብብግዚኡ ብሐሳብ ከሰላስል ድማ፡ ኸይተፈለጦ፡ መዓልቲ ፋስካ ጠበቐ በለ።

ቀዳም፡ ድሮ እቲ በዓል ፋሲካ ኰይኑ፡ ምስይ ምስ በለ ድማ፡ 'እስከ ቁሩብ ዘወርወር ኢለ፡ ንፋስ ክቕበል' ኢሉ ካብ ቤቱ ወጸ። በቲ ከመይ ገይረ ድኣ እየ እቲ መልእኽተይሲ ብቕልል ዝበለ መገዲ ኸረድኦም ዝኽእል ዝብል ሓሳብ ኣትይዎ፡ ኣዕሚቑ ኽሓስብ ጀመረ። በዚ እዝን እትን እናሓሰበ፡ ነቲ ኣብ ግምት እናእተወ ነቲ እናሳላሰለ፡ ኣብ ከተማ ለንደን ብእግሩ ዘወርወር ይብል ነበረ።

ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ኣብቲ ዘወርወር ምባሉ ሓደ ካብቶም ኣብ ጎደናታት ከተማ ለንደን ዝሰፍሩ፡ ኣላየ-ኣልቦ (ኣላይ ዘይብሎም) ቆልዑ፡ እርግ ዝበለ ኽዳውንቲ ተኸዲኑ ጐፍ በሎ እሞ፡ ኣስተብሃለሉ። እቲ ቆልዓ ኣብ ኢዱ ሰፈር ጭሩ ኣንጠልጢሉ ከም ዝነበረ ብጥቕኡ ኽሓልፍ ከሎ ስፐርጀን ድሮ ተዓዚብዎ ነይሩ። እቲ ኣንጠልጢልዎ ዝነበረ ሰፈር ጭሩ ጭፍልቕ ዝበለ ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጡ ድማ ሐደ ብዃሂ ዝተሓጽበ፡ ተስፋ-ቈረጽ ዓይነት ጭሩ ገበላ ነበረ።



ነዚ ምስ ረኣየ፡ ስፐርጀን ኣተሓሳሲብዎ፡ ኣተሓሳሲብዎ ግና ትም ኣይበለን። "ንዓ እስከ 'ዚ ወደይ" ኢሉ ነቲ ቆልዓ ጸውዖ። ናብቲ ጭሩ ገበላ እናረኣየ ድማ፡ "እዚ ሒዝካዮ ዘሎኻ ድኣ እንታይ እዩ?" ኢሉ ድማ ሐተቶ።

"እ' ነዚ ዲኹም! እዚ ድአ ጭሩ ገበላ እዩ፡ . . . ናተይ ከኣ እዩ፡ ኣብ መንገዲ እየ ረኺበዮ፡" ኢሉ መለሰ። "እሞ እንታይ ድአ ኽትገብሮ ኢኻ?" ኢሉ ድማ ካህን ስፐርጀን ደጊሙ ሓተቶ። "ንግዚኡ ቁሩብ ክጻወተሉ እየ፡ ድሓር ግና ምስ ደኸመኒ ቐቲለ ኽድርብዮ እየ 'መስለኒ . . . ፡" ኢሉ መለሰ። እቲ ጭሩ ዝበልደሎ ነገር ኣይነበረን ግና፡ ንእኡ ብምቕታል ዝረኽቦ ደስታ ከም ዝነበሮ፡ እቲ ቆልዓ ፍሽኽ እናበለ እዩ መሊስሉ።

ካህን ስፐርጀን ነዚ ሰሚዑ፡ "ኣነ ኽዕድጎስ ክንደይ ምሸጥካለይ?" ኢሉ ሓተቶ። "ነዚ!" ኢሉ እቲ ቖልዓ፡ ናብቲ ተዳጕኑ ዝነበረ ጭሩ፡ ነመጀመርታ ጊዚኡ ይርእዮ ከም ዝነብረ ገይሩ ጠመተ፡ "እዚ ደአ እንታይ ዋጋ ኸውጽእ! . . . እንታይ ኽገብረልኩም ኽትዕድግዎ? . . . እንድዒ፡ ክንደይ እሞ ክብሎ! . . . ደይ ጭሩ ገበላ'ዩ፡ ኣይጠቅምን ኣዩ። . . . ደሓር ከኣ ይደሚ'ሎ . . . ኣየድልየኩምን እዩ፡ ጎይታይ" ኢሉ ብገርሂ መለሰሉ።

ጽንሕ ኢሉ ግና፡ ሓሳብ-ደሓር ከም ዝሓዞ፡ ሰጋእ በለ። እቲ ካህን ዝብሎ ዝነበረ ናይ ልቡ ምዃኑ ድማ ተገንዘበ። በዚ ኸኣ ብቕጽበት ሓሳቡ ቐየረ። እሞ፡ ኣስዕብ ኣቢሉ፡ "ክትሻየጥዎ እንተ ደሌኹም ግና፡ ደሓን . . . ብኽልተ ፓውንድ ክህበኩም፡" በለ። ናይ እቲ ጊዜ እቲ ክልተ ፓውንድ ዳርጋ ኽልተ ሚእቲ ዶላር ናይ እዚ ጊዜ እዚ'ዩ ዝግመት። እሞ፡ ንሓደ ጭሩ ገበላ ክልተ ፓውንድ በቲ እዋን እትስ ይትረፍ ሕጂ እውን እንተ ኾነ ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ እዩ።

ግና እቲ ቆልዓ እቲ ካህን ዝብሎ ዝነበረ ናይ ልቡ ምዃኑ፡ ርእዩ ጐሪሑ፡ "እቲ ዋጋ ንሱ እዩ፡ እንተ ደሌኹም ዓድግዎ እንተ ዘይደሌኹም ድማ ድሓን ሕደግዎ፡" ኢሉ ቁርጽ ዝበለ ዓይነት መልሲ ሃበ። ብዙሕ ምዃኑ እኳ እንተ ፈለጠ፡ ካህን ስፐርጀን ነቲ ዝተሓተቶ ዋጋ ከፊሉ ነቲ ዑፍ ዓደጎ። ወሲዱ ድማ ኣብቲ ኸባቢ ካብ ዝነበረ ጐልጐል ወሲዱ ይኺድ ነጻ ፈነዎ። ነታ ተዳጕኑላ ዝነበረ ሰፈር ግና ሒዝዋ ኸደ።

ካህን ስፐርጀን ንጽቢሒቱ፡ ሰንበት፡ መዓልቲ ፋሲካ ኰይኑ ኣገልግሎት ጻውዒቱ ከማልእ ናብቲ ቤተ ክርስትያኑ ኸደ። ነታ እቲ ነጻ ዝፈነዎ ጭሩ ተዳጕኑላ ዝነበረ ሰፈር ድማ ምስኡ ሒዝዋ ከደ። ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ድማ ኣብ ዝኾነ ኵፍ መበሊ ኰይንካ ክትርኣየኡ ኣብ ዝከኣል ኣብ ሓደ ጣውላ ኣኾደማ።

ካህን ስፐርጀን ነቲ ናይ ሰንበት፡ መዓልቲ ፋሲካ ኣገልግሎት ስብከቱ ብጸሎት ጀሚሩ ቀጸለ። ብዛዕባ እታ ሰፈር ጭሩ ኸዘንትወሎም ምዃኑ ድማ ነቶም ምእመናን ነገሮም። እቲ ድሮ መዓልቲ በዓል ፋሲካ ዝገጠሞ ኹሉ፡ ብዛዕባ እቲ ቆልዓ፡ እቲ ጭሩ ብዛዕባ እቲ ዝኸፈሎ ዓቢ ዋጋ ድማ ኣካፈሎም። በርቅን ሓሳብን ቅልጡፍ እዩ ከም ዝብልዎ፡ ካብቶም ኵፍ ኢሎም ዘሰምዑ ዝነበሩ፡ ክንድኡ ዚኣክል ዋጋ ንዘይጠቅም ጭሩ ገበላ ዝኸፍልሲ ክንደይ ዓሻ እዩ ኢሎም ብታህዋኽ ዝተመከሑ፡ ወይ ከም ዓሻ

ለዋህ ዝሓሰብዎ ብዝሓት ከም ዝነበሩ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ዳርጋ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ወድ ሰብ እዩ።

ምስቲ ዘካፈሎም ታሪኽ ቅጽል ኣቢሉ፡ ካህን ስፐርጀን፡ እቲ ኹሉ ክርስቶስ ንዓና ዝገበሮ ሰናይ ተግባራት ምስ እቲ ዘካፈሎም ታሪኽ ናይ እቲ ጭሩ ገበላ ኣዝዩ ዚመሳሰል ምዃኑ ከስተብህሉሉ ሓበሮም። ምእንቲ ኽርድእዎ ድማ ከም ምሳሌኣዊ ታሪኽ ገይሩ ነገሮም።

ከም እትርእይዎ እዚ ሓጢኣት ዝብሃል፡ ሰይጣናዊ ነገር፡ ናብ ዘለኣለማዊ ሞት ዘደርቢ፡ ንዓና ንደቂ ሰባት፡ ከምቲ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ጭሩ ገበላ፡ ኣብ ከነምልጠሉ ዘይንኽእል መድፈና የእትዩ ግርም ገይሩ እዩ ዳጕኑና ነይሩ። ግና የሱስ ክርስቶስ ናብቲ ሓጢኣት ቀረቡ፡ '*ነዞም ኣብዛ መድፈና ዳጕንካዮም ዘሎኻ ሰባት እንታይ ክትገብሮም ኢኻ?*' ኢሉ ምስ ተወከሶ፡ '*ነዚኦም!*" ኢሉ እናስሓቐ፡ በሽካዕላል መለሰ። '*ነዚኣኦም ድኣ . . . መጀመርታ ከመይ ጌሮም ነንሐድሕዶም ኽም ዝጻልኡ ኽምህሮም እየ፡ ድሓር ኽሳብ ዝደክም ከም ድላየይ ገይረ ኽጻወተሎም እየ፡ ብድሕሪኡ . . . ብድሕሪኡ ኽኣ ቀቀቲለ ኽድርብዮም እየ፡*' ኢሉ መለሰ። 'ኣነ ኽዕድጎምሲ፡ ብኽንደይ ምሸጥካለይ?' ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ይሓትት። ከምቲ እቲ ቆልዓ ዝገረሞ ኽኣ፡ ሓጢኣት፡ ነዚኦም ድኣ እንታይ ኽዕድገሎም እዩ፡ ብዝመስል ዓይነት ኣተሓሳስባ፡ '*ነዞም ሰባት!" ነዚኦም ድኣ እንታይ ኽትዕድገሎም? . . . ኣየድልዩኻን እዮም ክርስቶስ! ደይ ተመሊሶም ኽጸልኡኻ . . . ጡፍ ክብሉልካ . . . ኣረ ኻብኡ ሓሊፎም እውን ኣብ መስቀል ኽሸንኩሩኻ እዮም። ናይ ግድን ኽዕድጎም እየ እንተድአ ትብል ኼንካ ግና፡ ደሓን። . . . ኹሉ ንብዓትካ፡ ኹሉ ደምካ፡ ኤረ ህይወትካ ኽይተረፈ እውን ኽትከፍል ኢኻ።*" ይብሎ።

> የሱስ ክርስቶስ፡ ሓጢኣተኛታት ክነስና፡ እቲ ዝለዓለ ዋጋ ከፊሉ ንኽሻየጠና ኣብ ክንዳና ህይወቱ ሃበ።

ካህን ስፐርጀን፡ ኣብታ ሰንበት፡ መዓልቲ ፋሲካ፡ በታ ዛንታ ናይ'ቲ ዑፍ ገይሩ ነቶም ምእመናን ዝሃቦ ትምህርቲ ንምጥቕላል፡ ነዚ ዝስዕብ ቃላት ሂቡ ተፋነዎም።

"ኽቡራት ኣሕዋተይን ኣሓተይን፡ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ተሸንኺሩ ልክዕ ኽምዚ ጌሩ እዩ ንህይወትና ብህይወቱ ዝተሻየጠ። ነቶም ብስሙ እንኣምን ዘበልና ድማ፡ ካብ ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት ምእንቲ ኽንድሕን'ሲ፡ እቲ ዝዓበየን፡ እዚ እዩ ኢልካ ኺግመትን ኽልካዕን ዘይክእል ዋጋ ኸፊሉ ዓዲጉና። ሓራ ድማ ኣውጺኡና።"

ብወገንይ ነዛ ዛነታ እዚኣ ምስ ሰማዕኹ እታ ኣብ መዝሙር ሰላም እትርከብ "ዕዱጋት ኢና ሓራ ወጺና" እትብል ብኣቦና ወልድኣብ ወልደ ማርያም ዝተጻሕፈት መዝሙር ቁጽሪ 218" ትዝ ኢላትኒ። እሞ፡ ብሓቂ ዓቢ ትርጉም ዝሓለት ኰይናስ ብዙሕ ረብሓ ረኺበላ።

እቲ ንእግዚአብሄር ኣምላኽና ብሙሉእ ልብና ብኹሉ ነብስናን ብኹሉ ሓሳብናን ከነፍቅሮ ዝገብረና ምኽንያት ክጽብጸብ'ውን ኣይከኣልን። ግና ክሳዕ ክንድቲ ዝኣክል ዋጋ ኸፊሉ ዘይንጠቅም ተስፋ ዘይነበረና ዘይንጠቅም ዝነበረና ሰብ ተስፋ ገይሩና። ነቲ ክሳዕ ክንድቲ ዘፍቀረናስ ክንደይከ ከንፍቅሮ ዘይግብኣና!

**ኣስመሮም ሃ. ገላይዶስ**